# ቀዳም ሥዑር

ማያ 7 2015 ዓ.ም. (4/15/20230)

ወትቤ ሲኦል አይ ውእቱ ዝንቱ ዘእም ሥልጣንየ ሥጋ ለቢሶ ዘሞዐኒ፥ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘምድረ ለብሰ፥ ውእቱኬ ሰማያዊ ውእቱ።

ንባባት 2ቆሮ 5፡6~ፍ፥ 1ጴጥ 3፡15~ፍ፥ ግ.ሓ. 3፡12~4፡5፥ ሉቃ 24፡1~12

ምስባክ፡ አንሰ ሰከብኩ ወኖምኩ፥ ወተንሣእኩ እስመ እግዚአብሔር አንሥአኒ ኢይፈርህ እምአእላፍ አሕዛብ። ተገምሰስኩን ድቃስ እውን ወሰደኒ፥እግዚአብሔር ስለ ዘተንስአኒ ካብቶም አእላፍ አሕዛብ አይፈርሕን እየ መዝ. 3፡5

ቀዳም ስዑር ክንብል እንከሎና አብ እምነትና ፍሉይ ዕለት እዩ። እዛ ዕለት ወዲ አምላኽ ብሥጋኡ አብ ከርሲ ምድሪ ሓዲሩ ዘሕለፋ እያ። ናይ ግዚኡ መራሕቲ ሃይማኖትን ሃገረን ንኢየሱስ ንሞት ፈሪዶም ቀቲሎም ተዓዊትናሉ ኢሎም ዝሓሰቡላ ዕለት እያ። ሓዋርያት እቲ መስሕ/መድኃኒ ኢሎም ዝአመንዎ ከምቲ ዝበሎምን ዝአመንዎ ከምዘይኮነ ኮይኑ ዝሃደሙላ ዕለት እያ። እዚአ ዕለት አምላኽ ዝለዓለ ትሕትና ንደቂ ሰባት ከድሕን ዘርአየላ ዕለት እያ። አብ ጥንታዊ ስብከት ነዛ ዕለት ብዝርኢ አብ ሓ/ት/ክ 635 ከም እንረኽቦ ከምዚ ዝብል ነንብብ፡

ሎሚ አብ ምድሪ ከቢድ ስቕታ፥ ረዚን ጸጥታ ብሓቂ እውን ከቢድ ከውታ ነጊሡ ይርከብ። እቲ ንጉሥ ደቂሱ ስለ ዘሎ፥ ዓቢ ጸጥታ ሰፊኑ። አምላኽ ብመደብ ሥጋ ደቂሱ፥ ነቶም ኩሎም ዓለም ካብ ዝፍጠር አትሒዞም ዝደቀሱ ከአ ስለ ዘተንሥኦም. . . . . መሬት አንቀጥቂጣ ትርከብ። ንዝጠፍኤት በግዒ ከም ዘናድይዋ ነቲ ቀዳማይ አቦና አዳም ከናዲ ከደ። እቲ ብሓደ ወገን አምላኾም በቲ ሓደ ከአ ወዲ ሔዋን ዝኾነ ነቲ አብ ሞቕሕ ዝነበረ አዳምን፥ ምስኡ ምርኮይና ዝነበረት ሔዋንን ካብ ሓዘን ሓራ ምእንቲ ከውጽእ፥ ነቶም አብ ጸልማትን ጽላሎት ሞትን ይነብሩ ዝነበሩ ንኺበጽሖም ብባህጊ ናብኦም ከደ. . . . አነ ምእንታኹም ክብል ውሉድኩም ዝኾንኩ አምላኽኩም እየ . . . ስለዚ እታ ትድቅስ ዘሎኻ እእዝዘካ አሎኹ. . . ተንሥእ (ንቓሕ)። ናይ ሲኦል ሙቕሕ (ሕቡስ) ኮንካ ክትነብር ኢለ አይፈጠርኩኻን። ካብ ሙታን ተንሥእ ከመይሲ አነ ሕይወተ ሙታን እየ (ጥንታዊ ስብከት ቀዳም ስዑር)።

አብ ትውፊት ቤተ ክርስትያን አብ ሲኦል ወረደ እናበልና ናይ እዛ ዕለት ኩነት ንገልጽ። ኢየሱስ ቅድሚ ምትንሣኡ አብቲ ናይ ሙታን ቦታ ከምዝኸደ እምነትና ይነግረና። አብ ሲኦል ዘኸዶ ምኽንያት ቀዳሞት ሓዋርያት ከም ዝገልጹልና ነቶም ካብ አዳም ጀሚሮም ትርኢት አምላኽ ዝተኸወሎም ከድሕን አብ ሲኦል ወረደ ይብሉና። ሲኦል ብዕብራትስጢ ሸኦል ብግሪኽ ሃደስ ይብሃ፤ እዚ ቦታ ሓጎስ አይ ኮነን ቦታ ስቓይ እውን አይኮነን። ነቶም ብእምነት ጻኒያም ሕይወቶም ዝመርሑ ንሰማይ ወሰዶም። ነተን አብ ሕፅኒ አብርሃም ኮይነን መድኃኒ ንዚጽበያ ነፍሳት እዩ ክርስቶስ ኀይታ ንሲኦል ወሪዱ ዘውጽአን ዝብል ት/ክ ነንብብ።

ሓ/ት/ክ 636 ከምዚ ይብል ናብ ሲኦል ወረደ ዝብል አንቀጽ ኢየሱስ ብሓቂ ከም ዝሞተ፥ ብሞቱ ከአ ንሞትን ነቲ ሥልጣን ሞት ዘለዎ (ዕብ 2፡14) ዲያብሎስን ከም ዝሰዓረልና ናይ ሓዋርያት ጸሎተ ሃይማኖት ይእመን። ትውፊታዊ እምነት ከምዝገልጾ እምብአር ሞት ኢየሱስ ንኹልና ደቂ ሰብ ከምዘድኅነና እዩ። ቀዳም ስዑር ሞትን ሰይጣንን ብግብሪ ዝተሳዕሩሉ ዕለት እዩ።

አብ ባህሊ ሃገርና ንሶሙናት ድሕሪ ጾምና ብቀዳም ስዑር ንስዕር አብ ሓዲስ ምዕራፍ ንአቱ አብ ትንሣኤ ንአቱ። በዚ ዕለት ኩሉ ምቅርራባት ንገብር ንብዓልና ፍሉይ ገርና ብነፍስን ብስጋን ተሰናዲና ነብዕሎ። ትንሣኤ ፍሉይ እዩ ምኽንያቱ እቲ ዝዓበየ ምስጢር እምነትና ስለ ዝኾነ። እንቋዕ ሎጓመ ጾም ፈትሓልና እናበልና አብ ነንድሕድና ሰናይ ትምኒት ክንገልጽ እንከሎና ብሕልናን ክንለብሶ ክንገብሮ ዝግብአና ነገር አሎና፡

- አብ ምስጢር ትንሣኤ ብምሉእ ክንሳተፍ። አምላኽ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ከማና መሲሉ ሞይቱ አድሒኑና። ብመስዋዕቲ ወዲ አምላኽ ዝድሓና ክቡር ዋጋ ዝተኸፍለልና ፍጡራት ኢና። ነፍስወከፍና ናይ እዚ ጸጋ ተኻፈልቲ ኢና እሞ ሎሚ ከመሎኹ። ነቲ ክርስቶስ ዕርቡን ድሕነት ዝኸፈለለይ ተረዲኤ ሕይወተይ ከመይ እመርሕ አሎኹ ኢልና ንፍረ ትንሣኤ ጨቢጠዮ አሎኹ ክንብል። አብ ትንሣኤ ክንሳተፍ ንኃጢአት ክንመውት ይግብአና። ንኹሉ ክፍአትን ካብ አምላኽ ዝፈልየና ድሕሪ አሊና ክኢልና አብ ትንሣኤ ክርስቶስ ክንሳተፍ ዝክአልና ገርና አሎና ማለት እዩ። ዕዱማት ስለ ዝኾና ዕድመና አኽቢርና ልብሰ መርዓ ለቢስና ንእቶ።

- ከም ብሓዲስ ክንውለድ አሎና። ትንሣኤ ንሓዲስ ጠባይ አተሓሳስባ ንሓዲስ መንፈስ እዩ ዝጽውዓና። ከምቲ ሓጺን አብ ሓዊ ምስ አቶ መልክዑ ዝቕይር ንሕና እውን ትንሣኤ ክርስቶስ ክንብዕል ከሎና ንሓዲስ ኩነት ኢና ንዕደም ዘሎና። ከም ሓዋርያት ክንቅየር ካብ ድኹማት አብ ብርቱዓት፥ ካብ ተቐየምቲ አብ ዝፋቐሩ፥ ካብ ዝሑላት መንፈስ ዝተበራበሩ. . . . ክንልወጥ ንሕተት አሎና። ንአገሪት ጠባያትና ርድኢትና ሕይወትና እንቕይረሉ መዓልቲ ሎሚ እዩ።

- ትንሣኤ ክርስቶስ ሰላም እዩ ፍሪኡ። ምስ አምላኽ ዕርቂ ተገሩልና። አምላኽ ክምሕር ሰብ ክምሓር አፍደገ ተኸፊቱ። እዚ ሰላም አብ መዓልታዊ ሕይወትናን ርክባትናን ክፍጠር ሎሚ መዓልቱ እዩ። ሰብ ምስ ርእሱ ሰላም ስኢኑ ካብ አምላኹ ርሑቁ ዝነብር ውሑድ አይኮነን ሎሚ ምስ አምላኽና ከምቲ ጥፉእ ወዲ ተጣዒስና አቦይ ተዓረቐኒ ኢልና ሰላም እንእውጀሉ ዕለት እዩ።

- ክንምስክር እንወፍረሉ ዕለት እዩ። ትንሣኤ ክርስቶስ ክምስከር ክንገር ክእወጅ ይደሊ እዩ። ኪዱ አብ ኩሉ ዓለም እናበለ መልእኽቲ ትንሣኤ ክነብጽሕ ዕዱማት ኢና። ብግብርና ብቃልና ብመንፈስና አብጻሕቲ ቃል ትንሣኤ ክንከውን ሕራይ ክንብል ንሕተት አሎና።

አብዚ ፍሉይ ዕለት አብ ስርዓት ሃገርና ሰቲ ይዕደል ኩሉ አማናይ አብ ርእሱ አብ ገዝኡ ሰቲ ወሲዱ ይአስር ከምኡ ምልክት መስቀል ይገብር እሞ ንትፈትዎ ሰብ ይውሃብ። ፍሉይ ትእምርቲ ዘለዎ ስርዓት። ንኢየሱስ ብምሉእ አብ ሕይወትናን አብ ርክባትናን ክነእትዎ ዕድል ዝኸፍተልና ፍሉይ ዕለት እዩ። ወለመልአከ ሕይወትሰ ሰቀልዎ ለዘተንሥአ እሙታን ገብረ ሰላመ በመስቀሉ ትንሣኤሁ አግሀደ ናይ ሕይወት ጎይታ ሰቐልዎ፥ ካብ ሙታን ዝተንሥኤ፥ ብመስቀሉ ሰላም ገበረ፥ ትንሥኤኡ አግሃደ እናተባህለ አብ ቊምስና ዑደት ይግበር እዚ ኸአ ንትንሣኤ ክንቅበል እሞ አብ ብዓሉ ክንሳተፍ ምእንቲ እዩ። ሎሚ አምላኽ አብ ልባትና ቦታ ክረክብ ንክፍአትን ኃጢአትን አሊና ክንርከብ ፍቓደኛታት ክንከውን ይደልየና አሎ።

ሎሚ መዓልቲ ምስንዳው መዓልቲ ምንጻሕ እዩ። ንሕይወትና ደፊርና ክንምርምሮ እሞ ንዘሎና ዝኾነ ኃጢአት ካብ ልብና አውጺእና ሓደስቲ ፍጡራት ክንከውን ስንድዋት ንኹን። መላእኽቲ አብዚ የለን ኢሎም ነተን አብ አፍደገ መቓብር ኮይነን ዝበኽያ ዝነበረ አንስቲ ሓቢሮመን።

ማርያም መግደላዊት አበሎ ሬሳ ጎይታይ እናበለት ተናድዮ ነራ። ሞት ንእምነታ አይዓገቶን ንሬሳ ኢየሱስ አብ ኩሉ ደልያቶ። ክሳብ እትረኽቦ አይዓረፈትን። ሎሚ አነን ንስኻትኩምን ንኢየሱስ ክንረኽቦ ክሳብ አብ ቤትና አብ ሓዳርና አብ ቊምስናና ኮታስ አብ ኩሉ ሕይወትና ክሳብ እነእትዎ ክነዕርፍ የብልናን።

1. ክንሳሕ፡ ምብሉእ ልብና አብ ምስጢረ ኑዛዜ ቀሪብና ክንናዘዝ ኃጢአትና። ፍርሒ ሕፍረት ትዕቢት ካባና አሊና ብምሉእ ልብና ክንሳሕ። ኃጢአትና ተአሚና ጽኑዕ ቊርጺ ፍቓድ ክንገብር።

2. ጸሎት ክንገብር። ካብ ጊዜና ምስ አምላኽ እንራኸበሉ ጊዜ ክንውስን። አብ ቅድሚ ቅዱስ ቊርባን ኮና ዕላል ምስ ኢየሱስ ክንምሃር። ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም ይብለና አሎ። ለምኑ ክትውሃቡ ይብለና አሎ ስለዚ ንጸሊ።

3. ምስ ኩሉ ሰላም ንግበር። ንዝበደሉና ንዝበደልናዮም ምእንቲ አምላኽ ኢልና ዕርቂ ክንገብር። ሎሚ መዓልቲ ዕርቅን ምሕረትን እዩ። ትንሣኤ ክርስቶስ መዓልቲ ሰላም ስለ ዝኾነ ሰላም ክንገብር ትሑዛት ኢና።

ቀዳም ስዑር አብ ፍሉይ ዕለት እምነትና ዘእቱ ስለ ዝኾነ ብፍላይ ዕጥቅን ምቅርራብን የድልየና። ኩሉ አምላኽ ካባይ ዝደልዮ ንትንሣኤ ቀሪበ አሎኹ ኢልና ይእዜሰ ኮነ ፍሥሓ ወሰላም ኢልና መዝሙር ሓጎስ ሒዝና ንቕረብ። ትንሣኤኻ ንዝአመና ብርሃንካ ስደደልና እናበልና አብ ዋዜማ ትንሣኤ ንጸሊ። ብኸሪ ትንሣኤና ዝኾነ ክርስቶስ ፍሉይ ጸጋ ዓዲሉ ብሩኽ ብዓለ ትንሣኤ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ